መጽሓፍ ቅዱስ ንህጻናት

# ኣርብዓ ዓመታት



ጸሓፊ :- Edward Hughes

ገላጺ :- Janie Forest
Alastair Paterson

ኣወሃሃዲ፣ Lyn Doerksen

ተርጓሚ፡- ሰላም ተወልደ

ኣባዛሒ፡- Bible for Children
www.M1914.org

©2022 Bible for Children, Inc.
ፍቓድ፣ ምቅዳህን ምብዛሕን እዚ ዛንታ ፍቑድ እዩ።
ኣብ መሸጣ ክሳዕ ዘይወዓለ፣



እግዚኣብሄር ን እስራኤላውያን ካብ ግብጺ ምስ ኣውጽኦም፡ ሙሴ ነቶም ህዝቢ ይመርሖም ነበረ። መዝሙር ምስጋና ዉን ዘመረሎም። "ንእግዚኣብሄር ስለ እቲ ዓቢ ግብርታቱ ክዝምረሉ እየ" ። ሙሴ ስለቲ እግዚኣብሄር ዝገበሮ ዓቢ ግብርታት ይዝምር ነበረ።

ሃሌሉያ! ክብሪ ን ኣምላኽ!





ድሕሪ ሰለስተ መዓልቲ ኣብቲ
ምድረበዳ እቶም ዝጸምኡ ህዝቢ ዒላ
ማይ ረኸቡ። ነቲ ዕረ ማይ ግና ክሰትይዎ
ኣይከኣሉን። ኣብ ክንዲ ምጽላይ ድማ
ናብ እግዚኣብሄር ከማርሩ
ጀመሩ።

እግዚኣብሄር ግን ሕያዋይ
እዩ። ነቲ ዕረ ማይ ድማ
ናብ ጥዑም ለወጠ።



እቶም ህዝቢ ግና ብ ኹሉ የማርሩ ነበሩ። "ኣብ ግብጺ ከለና መግቢ ኔሩና፡ ሕጂ ግን ኣብዚ ብጥምየት ክንመዉት ኢና" ኢሎም በኸዩ። በቲ ምሸት ድማ እግዚኣብሄር ብርኒጎታት ዓይነት የዕዋፍ ሰደደሎም። እቶም ህዝቢ ውን ሒዞም በልዕዎም።

ንጽባሒቱ ንግሆ ድማ እግዚኣብሄር ማና ካብ ሰማይ
ሰደደሎም። ማና ሕብስቲ ዓይነት
ኮይኑ ናይ ምዓር ጣዕሚ ዘለዎ
እዩ። ንግሆ ንግሆ ድማ ማና
ወሪዱ ይጸንሖም ነበረ።



በዚ መገዲ ድማ
እግዚኣብሄር ንህዝቡ
ኣብ ምድረበዳ
ይምግቦም ነበረ።

እዚ ድማ ንግሆ ንግሆ እግዚኣብሄር ከም ዝህቦም ንከኣምኑ እዩ። ገሊኦም ግና  እግዚኣብሄር ተሓዲሩ ክሕስኽ እዩ ኢሉዎም ከሎ፡ ንጽባሒቱ ኽኮንም ኢሎም ዚያዳ ይእክቡ ነበሩ።



ከምቲ ዝበሎም ድማ ዝሓደረ ማና ሓሱኹ ይሓድር ነበረ፥ ብዘይካ ኣብ ሰንበት። ብመዓልቲ ሰንበት ግና እቶም ህዝቢ የዕሪፎም ናይ ቅድሚኡ ዝሓደረ ማና ክበልዑ ይንገሮም ነበረ።





እግዚኣብሄር
ንእስራኤላውያን
ኣብቲ ምድረበዳ
ይሕልዎም ነበረ። ኩሉ
ዘድልዮም ማይን መግብን
ይህቦም፡ ካብ ኩሉ ጸላኢ ውን
ይሕልዊም
ነበረ።

ኣማሊቃውያን ኪዋግእዎም
ከለዉ ሙሴ በትሩ ናብ
እግዚኣብሄር የልዕል
እሞ ፡እስራኤላውያን
ይስዕሩ ነበሩ።



እግዚኣብሄር
ንእስራኤላውያን ከምዚ በሎም፡
"ቃለይ ተተኣዚዝኩም ህዝበይ ክትኮኑ ኢኹም"።
እስራኤላውያን ድማ ንሕና ከምቲ እግዚኣብሄር ዝበለና
ክንገብር ኢና ፡በልዎ ንሙሴ። ናብ ከረን ሲና ደይቦም
ድማ ሙሴ ምስ እግዚኣብሄር ተዘራሪቡ
ክሳዕ ዝመጺእ ተጸበዩዎ።



ሙሴ ኣብቲ ከረን
ምስ እግዚኣብሄር
ንኣርብዓ
መዓልቲ ጸንሐ።
እግዚኣብሄር ድማ
ዓሰርተ ትእዛዛት
ኣብ ጽላት እምኒ
ጺሒፉ ሃቦ።
እግዚኣብሄር
ንሙሴ እቶም
ህዝቢ ከመይ ክነብሩ
ከም ዘለዎም ነገሮ።

1፡ "ኣብ ቅድመይ ካልኦት ኣማልኽቲ ኣይሃልውኹም"

2፡ "ንምስልታት ኣይትስገድ"

3፡ "ስም እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ብከንቱ ኣይተልዕል"

4፡ "ንመዓልቲ ሰንበት ዘክራን ቀድሳን"

5፡ "ኣቦኻን ኣዴኻን ኣክብር"


6፡ "ኣይትቕተል"
7፡ "ኣይትዘሙ"
8፡ "ኣይትስረቕ"
9፡ "ብሓሶት
ኣይትመስክር"
10፡ "ዘይናትካ
ኣይትተምነ"



ሙሴ ምስ እግዚኣብሄር
ኣብ ከረን ሲና ከሎ ድማ
እስራኤላውያን ሓደ
ሕማቕ ነገር ገበሩ፡፡ ንኣሮን
ወርቃዊ ምራኽ ጣኦት
ስርሓልና በልዎ። ኣብ
ክንዲ እምላኽ ድማ ንዕኡ
ከምልኽዎ ጀመሩ።
እግዚኣብሄር ድማ ኣዚዩ
ሓረቐ። ሙሴ ውን
ሓረቐ፡፡



ሙሴ ነቲ ዝሰርሖ ምራኽ፡ እቶም ህዝቢ ውን ኣብኡ ክሰዕሰው ምስ ረኣየ ነቲ ጽላት እምኒ ኣብ ልዕሊኡ ደርበዮ። ብሕርቃን ድማ ነቲ ብወርቂ ዝሰርሖ ጣኦት ሰበሮ። እቶም ነቲ ጣኦት ዝምልኹ ዝነበሩ ህዝቢ ድማ ብሞት ተቀዘፉ።

እግዚኣብሄር ነተን ክልተ ጽላት
እምኒ ደጊሙ ሰርሐን። ንሙሴ
ድማ ቅዱስ መሰውኢ ስፍራ፡ ሓጹር
ዘለዎ፡ እቶም ህዝቢ ምስ እግዚኣብሄር
ዝዛራረብሉ ስፍራ ክሰርሓሉ ኣዘዞ። ኣብኡ
ንእግዚኣብሄር ከምልኹዎ ድማ ነገሮም።
እቲ ዓንዲ ሓውን ደበናን ውን
እግዚኣብሄር ምስኦም
ከም ዝነበረ
ምስክር እዩ።



ከንኣን ምስ ቀረቡ ድማ፡ ሙሴ ዓሰርተ ክልተ ሰለይቲ ሰደደ። እቶም ሰለይቲ ኣዚያ ጽብቅቲ ከተማ ሙኻና ተሰማምዑ። ካሌብን እያሱን ግን ብእምነት ክንኣትዋ ኢና በሉ።



እቶም ዓሰርተ ሰለይቲ ግና ነቶም
ገዘፍቲ ህዝብን ዓባይ ከተማ
ርእዮም ፈርሑ። "ክንወርሳ
ኣይንክእልን ኢና"
ድማ በሉ። እቲ
እግዚኣብሄር



ዝገበረሎም ዓቢ
ተኣምራት ኩሉ እቲ ካብ ግብጺ
ዘውጽኦም ውን ረስዕዎ።

እቶም ህዝቢ ድማ ምስቶም ዓሰርተ ሰለይቲ ወገኑ።
ናብ ግብጺ ክምለሱ ውን ብዙሕ በኸዩን ደለዩን።
ንሙሴ ክቀትልዎ ውን ደለዩ።
እግዚኣብሄር ግና ንናይ
ሙሴ ህይወት ሓለዋ።



ነቶም ህዝቢ ድማ "ንኣርብዓ ዓመታት ኣብዚ ምድረበዳ ክትኾሉ ኢኹም ድማ በሎም። ካሌብን እያሱን ደቕኹምን ጥራሕ ተዘይኮይኑ ካልኦት ነታ
ናይ ተስፋ ምድሪ ዝርእያ
ከምዘየለ ነገሮም።"



# ኣርብዓ ዓመታት

ዛንታ ካብ ቃል እግዚኣብሄር። መጽሓፍ ቅዱስ

ዘጽኣት 15 - ዘሁልቑ

"ምኽፋት ቃልካ የብርህ ንገርህታት ኣእምሮ ይህብ።" መዝሙር 119፣130

# መፈጸምታ

እዚ መጽሓፍ ብዛዕባ እቲ
መደነቕ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እዩ ዝነግር፣

ቃል ኣምላኽ ኲልና ሓጢእና ክብሪ ኣምላኽ ከም ዝሰኣና ይነግረና፣ ዓስቢ ሓጥኣት ሞት እዩ። ውህበት ጸጋ ኣምላኽ ግና ብየሱስ ክርስቶስ ጎይታና ናይ ዘለኣለም ህይወት እዩ፣ ንሕና ገና ሓጥኣን ከሎና ክርስቶስ ኣብ ክንዳና ሞይቱ እዩ እሞ ኣምላኽ ኣታ ፍቕሩ ንኣና ብዚ የርኢ ኣሎ፣ እንተ ንየሱስ ክርስቶስ ከም ጎይታናን መድሓኒናን ተቀቢልናዮ ንሱ ካብ ኲሉ ሓጥያትናን ኣበሳናን እቅረ ክብለልና እሙንን ጻድቕን እዩ፣

ኣምብኣረይ ሕጂ እዚ ጸሎት እዚ ብሓባር ንጸሊ!
“ኦ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ብሓጥያተይ ይእመን ኣለኹ። የሱስ ወዲ ኣምላኽ ኣብ ክንዲ ሓጥያተይ ከምዝሞተለይን ካብ ምውታት ድማ ከም ዝተንስኣን እኣምን ኣለኹ፣ ኦ ጎይታ የሱስ ካብ ኩሉ ሓጥያተይ ምሕረት ክትገብረለይን ሓድሽ ሂወት ክትህበንን ይዕድመካ ኣለኹ፣ ካብዚ ሰዓት ጀሚረ ውሉድ ኣምላኽ ክኸውን መሰል ስለ ዝሃብካንን ሓድሽ ፍጥረት ስለዝገበርካንን የመስግነካ ኣለኹ፣” ኣሜን፣

ቃል ኣምላኽ ነንብብ ምስ እግዚኣብሄር ድማ ኩሉ ሳዕ ንዘራረብ! የውሃንስ 3፥16